# ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
# መቓልሕ ዝመለሰ ኣኼባ
# ኣብ ርእሲ ከተማ ስዊስ ኣካይዱ

(ልኡኽ ንሓርነት.ኮም ኣብ ኤውሮጳ)



ንገለ ፍሹል ተጻብኦታት* ወካይልን መጋበርያታትን ስርዓት ህግደፍ ስዒሩ፡ እቲ ብሰንበት 28 ጥሪ 2007 ብጨንፈር ስዊስ ናይ ተሓኤ-ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከተማ በርን እተጸውዐ ኣኼባ ብመቓልሕ ዝመለሰ ዓወት ተደምዲሙ።

እዚ ብኣቦ መንበር ውድብ፡ ወልደሱስ ዓማር፡ እተመርሐ ክፉት መድረኽ፡ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝርከቡ ኣባላት ውድብን ተቓውሞን፡ ካብቲ ስርዓት ሃዲሞም ዝመጹ መእሰያትን ገለ ናይ ስርዓት ህግደፍ ኣባላትን ተኻፊሎምዎ ነይሮም።



*ብጻይ ሃብተ ገዙ፡ ናይ ስርዒት ሓላፊ ጨንፈር ስዊስ፡ ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ንኹሎም ዕዱማት እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ በቲ እተረኽበ መደናገሮይ ምኽንያት ምጅማር ኣኼባ ከይተሓለሉ ብትዕግስቲ ንእተጸበዩ ተሳተፍቲ ኣኼባ ምዉቕ ምስጋና ኣቕሪቡ።እቲ ኣኼባ ኣብታ ክሳዕ ሎሚ "ዕርዲ" ህግደፍ ኰይና ዝጸንሐት በርን (ርእሲ ከተማ ስዊዘርላንድ)፡ ናይ መጀመርያ ኣኼባ ናይ ተቓውሞ ብምንባሩ ታሪኻዊ ተረኽቦ ምዃኑ ገሊጹ። (እቶም ብገለገለ ምኽንያታት ስእሎም ክልዓል ዘይደለዩ ባእታታት መሰሎም ሕሉው ከም ዝኾነ እውን ኣብሪሁ።) ብኣቦ መንበር ውድብ ዝቐርብ መልእኽቲ ከላ ብክፉት ኣእምሮን፡ ንስርዓተ-ጉባኤ ዘኽበረ ነጻ ዲሞራሲያዊ ሱታፌን ክህብትም ትጽቢት ከም ዘሎዎ ድሕሪ ምትንባህ ንኣቦ መንበር ውድብ ምስ ኣኼበኛ ኣላልዩ መድረኽ ንዕኡ ገዲፉሉ።*



*ኣቦ መንበር ውድብ ብህልዊ ኵነታት ሃገርናን ህዝባን፤ ብዛዕባ ተቓውሞን ቀንዲ ዕማሙን፤ ብዛዕባ ራኢን እስትራተጅን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን፡ ከምኡ ኸኣ ብዛዕባ ግደ መንእሰያት ኣብ ለውጥን ምህናጽ ደሞርሲያዊት ኤርትራን ብዝርዝር ገሊጹ። (<u>ምሉእ ቃል ብ/ወልደሱስ ዓማር ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ተመልከት</u>።)*

*መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን ምስ ተኸፍተ፡ ሓያለይ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ እቲ እተዋህበ ገምጋም ንሓቀኛ ኵነታት ህዝብናን መንእሰይ ወለዶን ዘንጸባረቐ መኻኑ ኣረጋጊጾም። ናይ ቅድሚ ሕጂ ኣኼባታት ተቓውሞ ኣብ ከተማ ጀነቭ ጥራይ ተወሲኑ ንምጽንሑ እናዘከሩ'ውን፡ እዚ ኣኼባ'ዚ ነቲ ጋሪዱ ዝጸንሐ ሰንሰለት በቲኽዎ ክብሉ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ገሊጾም።*



ካብ ወድባት ጌና ነጻ ኢና ዝበሉ መንእሰያት ተኻፊልቲ ኣኼባ፡ ኣብ ዘቕረብዎ ሕቶን ርእይቶን፡ ዕድሚኦም ካብ 30 ዓመት ዘይበዝሕ ብምዃኑ ብዛዕባ ናይ ቀደም ተሓኤን ናይ ሎሚ ናይ ተቓውሞ ውድባትን ዘንበብዎን ዝሰምዕዎ ጽቡቕ ከምዘይኮነ ብዘይቃልዓለም ኣብሪሆም።

ሓደ ካብኣቶም ከም ዘቐመጦ፡- “እቲ ናጽነት ሃገር ‘ኣነ ንበይነይ ተዋዲቐ ኢየ ኣምጺኤልኩም’ ዝበለና ህዝባዊ ግንባርን ንሱ ዝተኸሎ መንግስትን ዝብልዎ ድኣ እንበር ካልእ ሓቅታት ከምዘይንፈልጥ ትፈልጡዶ? ብዛዕባ ተሓኤ ዝብሃል ውድብ ከኣ ብዘይካ ክፉኣ ካልእ ኣበርክቶ ነይሩዎ ተባሂልና ከምዘይንፈልጥ ፈሊጥኩም ጻዕሪ ተካይዱ ዶ?” ብምባል ነቲ ዘሎ ጸገም ኣፍልጠ ሓቅታት ዘሎ ምጥምዛዛት ታሪኽን ጽቡቕ ገይሩ ተንኪፍዎ። ነዚ ናይ ሕቶታት ዕድል ብምጥቃም ከኣ ኣቦ መንበር ውድብን ኣብ ኣኼባ ካብ እተኻፈሉ ገዳይም ተቓለስቲ (ከም ብጾት ብርሃነ ረዳን ሃይለ ተኸስተን የማነ ኣልኣዛርን ዝርከብዎም) ኣድላዪ` መብርሂታት ሂቦምሉ።



**ኣብ ምውዳእ ኣኼባ፡ መቓልሕ መልእኽቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ኩሉ ሓደስቲ ሰደተኛታት ዝርከብዎ መደበራት ስዊስ ምእንቲ ክበጽሕ፡ እቲ ብኣቦ መንበር ውድብ ዝቐረበ መደረ ምስ ካልእ ኣገዳሲ ንመንእሰይ ዝምልከት ጽሑፋት ተባዚሑ ንተኻፈልቲ ኣኼባ ተዓዲሉ፡ ካብኡ ሓያለይ ቅዳሓት ሒዞም ከም ዝኸዱ'ውን ተገይሩ።**

-------

*(ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ፡ እቲ ኣብ በርን እተጸውዐ ህዝባዊ ኣኼባ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ከምቲ መደቡ ክንዲ ሰዓት 1 ዝጅምር፡ ክዛዕ ዘዓት 4 ክይጀመረ ጸኒሑ። እቲ ኣድራሻ ኣኼባ፡ ኩሎም ወጻእተኛታት ኣኼባታት ክገብሩሉን ደቆም ክምህሩሉን ዝኽእሉሉ ቦታ ብምኳኑ፡ ወከልትን መጋበርያታትን ህግደፍ'ውን ዝጥቀሙሉን ከም ናቶም ዝርእዩዎን ቦታ ኢዩ። ንዕለት 28 ጥሪ ከኣ፡ ኰነ ኢሎም እቲ ኣኼባ ተቓውሞ ኣብኡ ከይግበር ጻዕሪ ኣካይዶም። እዚ ምኳን ምስኣበዮም ከኣ እቲ ኣኼባ ክሳዕ ምሸትይ ከይጅመር ጸገማት ፈጢሮም። እዚ ከይኣክል'ውን ኣብ ኣፍ-ደገ ቦታ ኣኼባ ኰይኖም ንገሊኡ ብዓይኖም ንገሊኡ ከኣ ቃላት እናወሰኹሉ ከፈራርሑ ፈቲኖም ኢዮም። ኰይኑ ግን እዚ ኹሉ ተሰጊሩ፡ ዕዉት ኣኼባ በርን ብጽቡእ ተደምዲሙ።)

----------

## ኣብ ህዝባዊ ኣኼባ በርን ካብ ዝቐረበን፡
## ብጽሑፍ እተዓደለን  መደረ ኣቦ መንበር
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

28.01.07

**ዝኸበርኩም ሓደስትን ገዳይምን ኣባላት ውድብ፡**
**ዝኸበርኩም ተኻፈልቲ ኣኼባ ብሓፈሻ፡-**

**ኣቐዲመ ክንቋዕ ኣብዚ መጀመርያ ህዝባዊ ኣኼባ ናይ ተቓዋሚ ውድብ ኣብ ከተማ በርን ብድሓን መጻእኩም እብል።ቀጺለ'ውን ነቶም ነዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ኣኼባ ክግበር ዝሓሰቡን ዝጸዓሩን ኣባላት ውድብን ተሓባበርቶምን ብልቢ ኤመጒሶም።**

**ብወገነይ ነዚ ኣኼባ'ዚ ብክልተ መልክዕ ኤለልዮ፣**

መጀመርያ ንተቓወምቲ ስርዓት ኣስመራን፡ ነቶም ኣብ ከባቢ በርን ዝርከቡ ተደናገጽቲ ስርዓት ኣስመራን ብሓደ ክእከብ ዝዓደመ ዲሞክራሲያዊ መድረኽ ኢዩ። ንዲሞክራሲያዊ ባህሊ ከነተኣታቱ ግድን ከም ዝኾነ ዝእውጅን ዝሕብርን ኣኸባ ኢዩ እብል። ግድን ከነተኣታትዎ ዘሎና ጥዑይ ናይ ፖለቲካዊ ዲሞክራሲ ባህሊ ከኣ ንሱዩ።

እቲ ካልኣይ መልክዑ፡ ፍሉይ መልእኽቲ ንመንእሰይ ወለዶ ዝሓዘ ናይ መጻኢት ኤርትራ መቓልሕ ዝመልስ ኣኼባን መድረኽን ኢዩ። ኣብቲ ዝስዕብ ናይ ሕቶን ርእይቶን መድረኽ ከኣ መንእሰይ ናይ ልቦም ክዛረቡ ይዕደሙ ኣሎዉ።

ተሓቢሩ ከም ዝጸንሐ፡ ቀንዲ ዛዕባታት ኣኼባ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡-

1. ህልዊ ኲነታት ህዝቢ ኤርትራን ዓበይቲ ጸገማት መንእሰይ ወለዶን፤
2. ሌላ ምስ ተቓውሞን ኣዝዩ ህጹጽ ዝኾነ ዕማማቱን፣
3. ራኢን ናይ ዓወት እስትራተጅን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣
4. ንሓዲሽ ወለዶ ዝጽበዮ ዘሎ ግደ ኣብ ለውጥን ህንጸትን ሃገር።

## 1. <u>ህልዊ ኲነታት ህዝቢ ኤርትራ፡</u>

እዚ ኣርእስት'ዚ ክልዓል እንከሎ ትዝ ዝብለና፡ እቲ ቅድሚ ናጽነት ዝነበረ ባህግታትን ሕልምታትን ህዝብና ኢዩ። ኤርትራ ነጻ ምስ ወጸት፡ ሓራ ህዝቢ ኰንና 'ንፋስ ኣዱንያ' ከነስተንፍስ ኢና፣ ሰሪሕና ክንብልጽግ ኢና፣ ተማሂርና ክንስድር ኢና፣ ምስ ነብስናን ምስ ጐረቤትናን ብሰላም ክንነብር ኢና፣ ዝሕሱን ዘእስርን ዘይብሉ ጐደናታት ኣስመራን ከረንን፡ ባጽዕን ዓሰብን፡ ኣቑርደትን ናቕፋን፡ መንደፈራን ዓዲ-ቀይሕን ወዘተ ምይቑ ከይበልና ክንረክጸ ኢና ይብል ነይሩ ህዝብና፣ ንብል ኔርና ኲልና። ህልዊ ኲነታትና ግን ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 16 ዓመት ነጻነትና ኣንጻር እቲ ዝነበረ ባህግታትና ኰይኑ ንረኽቦ። ንህልዊ ኲነታት ህዝብና እትገልጽ <u>ሓንቲ ቃል</u> እንታይ ኣላ እንተበሉኹም እንታይ ምመለሽኩም? ንዓይ ከምኡ እንትዝሓቱኒ፡ እታ ቃል <u>"ስእነት"</u> እትብል'ያ ምበልኩ፣

- ስእነት ሰላም ምስ ሰብካን ጐረቤትካን፣
- ስእነት ኣኻሊ መነባብሮ፣
- ስእነት ፓለቲካውን ሲቪላውን ሃይማኖታውን መሰላት፣
- ስእነት ሕግን ፍትሕን ማዕርነትን
- ስእነት ላዕለዋይ ትምህርትን ምዕሩይ ኣገልግሎት ጥዕናን፣
- ስእነት ነጻ መድረኽን ነጻ ፕረስን፣
- ስእነት...... ኲሉ ትጽቢታት ነዊሕ ቃልስና።

ኲነታት ህዝብና ኣብ ሕማቕ ሃለዋት ክኣቱ ዝጀመረ፡ ስርዓት ህግደፍ ንሕድርታት ሰማእታትናን ንራኢታት ሓርነታዊ ቃልስናን ምስ ጠለመ ኢዩ። ሓድነትና ዝላሸው፡ ሕድሕዳዊ ምትእምማን እተሳእነ ጸቢብ ጉጅለ ህግደፍን ዲክታቶራዊ መራሒኡ ኢሳያስን ንታሪኽ ህዝብና ምስ ጠማዘዙዎ ኢዩ። እቲ ጉጅለ ቅድም ቀዳድም ንታሪኽ ሓርበኛዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጸለሎ ቀቢኡ ነቲ ጅሆ ናቱ ዝገበሮ መንእሰይ ወለዶ ሓሶት ክምህሮ ተበጊሱ። ጸኒሑ ንሓርበኛዊ ታሪኽን መብጽዓታትን ውድብ ህዝባዊ ግንባር ቀቢሩ ንሓያለይ መራሕታ ኣብ ናይ ማእሰርቲ ጐደጒድን ኣብ ስደትን ኣስፊርዎም። ነዚ ሓቕ'ዚ ዘይቅበሉ ውሑዳት ኤርትራውያን ሎሚ

እንተልዩም፡ ጽባሕ በቲ ዝገበርዎ ጌጋታት ክሓፍሩን ታሪኽ ክዅንኖምን ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ነዚ ሎሚ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ኩነታት ዝወለደ እቲ ኣብ ዝሓለፈ 16 ዓመታት ብቐጻሊ እትኻየደ ምትላላትን ግህሰታት መሰል ህዝብን ኢዩ፤ ካብኡ ንገሊኡ ጥራይ ክንጠቅስ፦ -

1. እቲ ስርዓት ካብ 1991 ክሳዕ ሎሚ ንህዝቢ ስልጣን ክኸልእ ምስምሳት ምፍጣሩን ምትላሉን ኢዩ። ድሕሪ ረፈረንዱም ኢና ተሳትፎ ህዝቢ እነፍቅድ፣ ድሕሪ ምጽዳቕ ህንጻ-መንግስቲ (ቅዋም) ኢና ሃገራዊ ምርጫታት እነካይድ፣ ድሕሪ ውግእ ምውድኡ ኢና ብልዑላውነት ሕጊ እንኣምን፣ ድሕሪ ጉዳይ ዶብ ምጽራዩ ኢና ዲሞክራሲ እነፍቅድ ክብሃል ጸኒሑ። ሎሚ ኸኣ ዝገደደ “ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዲሞክራሲ ኣብ ዝኾነ ሃገር የሎን፡ ኢዚ'ዩ እቲ ዝበልናኩም ዲሞክራሲ” ይብሃል ኣሎ። (ነዚ ናይ ዕብዳን ቋንቋ ዘይሰማዕኩም እንተሎኹም ንመርበባት ኢንተርነት ተወከሱ።)
2. እቲ ኣብ ምኽኑይ ዘይኮነ ውግኣት ዝሃለቐ መንእሰይ ዓቢ ኪሳራ ሃገር ኰይኑ ሎሚ ሃገር ብምልእታ በቲ ክፉእ ኣሰራሩ፥ ክትሳቐ ትርከብ።እቲ ገደብ ዘይብሉ “ብሃገራዊ ኣገልግሎት” ዝጽዋዕ መደባትን ውጽኢቱ ውሑድ ዝኾነ ወፍርታትን ንሃገር ንድሕሪ እንበር ንቕድሚት ከምዘየሰጉማ ብዓለሙ በጺሕዎ ዘሎ ሓቂ'ዩ። መንእሰይ ወለዶ፡ ናይ ትምህርትን፡ ምዕባለን ስራሕን ዕድሉ ስለእተዓጽወ ካብ ሃገሩ ንስደት ዝመርጸሉ መዋእል መጺኡ።
3. 65 ካብ 100 ህዝብና ብጥሜት እተጠቕዐ ምዃኑ ብመጽናዕቲ እተረጋገጸ ኢዩ። ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ሓደጋ ዘሎ ከኣ ኣብ ገሊኡ ወገናት ሃገር ክሳዕ 20 ካብ 100 ይበጽሕ። ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ህዝብና ኣብ መዓልቲ ካብ ሓደ ፈረንካ ብዝውሕድ ገንዘብ ይነብር ኣሎ ተባሂሉ። ዘሕፍር ድኽነት'ዩ።
4. ዝለዓለ ሚእታዊት ሃብቲ ሃገር ኣብ ስለያን ወተሃደራዊ ስርሓትን ከም ዝጠፍእ'ውን እተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም ዝለዓለ ቍጽሪ ዜጋታታ ኣብ ውትህድርና ዘጽመደት ሃገር ኤርትራ ኢያ። ብደረጃ ትምህርትን ካልእ ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ግን ዳርጋ እታ ዝተሓተት ኣብ ዓለም ምኻና ይንገር፤ ዘገርም ግን ኣይኮነን። ከባቢ 20 ካብ 100 ናይ ጠቕላላ ሃገራዊ እቶት ንወተሃደራውን ጸጥታውን ጉዳያት ዘጥፍኣ ሃገራት ኤርትራን ሰሜን ኮሪያን ጥራይ ኢየን ተባሂሉ።ኤርትራ ንክንክን ጥዕና ትሕቲ 6 ካብ 100 ናይ ሃገራዊ እቶታ ተጥፍእ። ኣብ ዓለም ዝተሓተ ቑጽሪ ሓካይም ማለት 3 ሓኪም ን100,000 ሰብ ዘሎዉዋ ኤርትራ ጥራይ ኢያ። ከምኡ'ውን ኤርትራ ካብተን 5 ዝተሓተ ቍጽሪ ኣዋልድ ኣብ ትምህርቲ ዘሎዉዋ ሃገር ኢያ፣ ዝተሓተ ቍጽሪ መማህራን ስለ ዘሎዉዋ ከኣ ልዕሊ 50 ተመሃሮ ብሓደ መምህር ትምህር ሃገር (ካልኣይታ ታይላንድ) እዛ ናይ ተጃሃሪ ህግደፍ ኤርትራ ኢያ።
5. እቲ ብቲቪ-ኤሬ ዝታለል ሕያዋይን ግሩህን ናይ ርሑቕ ተዓዛቢ፡ ኤርትራ ማዕቢላ፡ ሰሲና፡ ለምሊማ፡ “ናብ ስዊስ ተለዊጣ” ይብል ይኸውን። እቶም ነቲ ሓቂ ብስሩ ዝፈልጡዎን ዝርድእዎን ግን ከብዶም ሓሪሮም ይሓድሩን ይነብሩን ኣሎዉ። ብዘየማትእ መጽናዕቲ ከም እተበጽሐ፡ እቲ ኣብዚ ዝሓለፈ 16 ዓመታት ተገይሩ ዝብሃል ዲጋታትን፡ ፈርካሽ ህንጻታትን፡ መንገድታትን ኣብ ገሊኡ ኸኣ ትርጉም ዘይብሉ ኲምራ ኣእማንን፡

ንኹሎም ብነጻ ድልየቶም ክሰርሑ ዝመጹ ደቂ ሃገር ኣኻሊ ደሞዝ እናኸፈልካ ክግበር ዝከኣል ኢዩ ነይሩ። ብኣዝዩ ውሑድን ብፈኲስ ወለድ ዝርከብ ናይ ወጻኢ ልቓሕን ናይ ልምዓት ሓገዛትን ንኤርትራ ኣይምተሓረማን - ጽላለ ኢሰያስን ህግደፍን እንተዘይከውን። እቲ ብመንገዲ ደሞዝ ኣቢሉ ንህዝቢ ዝካፈል ሃብቲ ከኣ ብርግጽ ንሃገር ዝያዳ ንቕድሚት መንሃራ ነይሩ። እቲ ብዘይ ደሞዝ ባርያ ኰይኑ ኣብ ኣዝዩ ዘየፍራዪ ስርሓት እተዋፈረ ጕልበት መንእሰይ ኤርትራ ዳርጋ ብከንቱ ዝፈሰሰ ርሃጽ ምዃኑ መን ይስሕቶ? እቲ ጕልበት'ቲ ካብ ስድራ ቤታት ርሒቑ ክንደይ ድኽነትን ጸገምን ንስድራ ቤታት ኣስዒቡ ኢዩ። ክንደይ መንእሰያት ከኣ ናይ ትምህርትን ናይ ምዕብልናን ወርቃዊ ጊዜኦም ብኸንቱ ኣብ ትርጉም-ኣልቦ ውግኣትን ኣብ ኣእማን ምኹማርን ኣጥፊኦም ኢዮም።

6. ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ናይ ሎሚ ኤርትራ "ብሕም ዝበለ ይተሓጐም" ዝበሃለላ፡ እቲ ዓቢ ክፋል ህዝብና ዝኾነ መንእሰያ ሕቶን ርእይቶን ዘይህበላ ሃገር ኰይና ተሪፋ። ካብቲ ዓበይቲ "ስእነታት" ዝበልናዮ እንብኣር ኣብ ጕዳይ ሃገርካ ርእይቶኻ እተስምዓሉ መድረኽ ምስኣን'ዩ። ካብ ኩሉ ዘሕዝን ግን ተስፋ ምስኣን ኢዩ። እቲ መንእሰይ ወለዶ ተስፋ ካብ ሃገሩ ስኢኑ። ንሃገር ገዲፉ ንስደት እንተምረሐ ከኣ ካብ ተስፋ ምስኣን ዝዓቢ ምኽንያት እንታይ ክህልዎ? እዚ'ዩ እቲ ውሽጣዊ ስእሊ ሃገርናን ህዝብናን። እዚ'ዩ ጸገም ናይቲ ልዕሊ ክልተ ሲሶ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ።

እዚ ዅነታት እዚ ክቕየር ስለ ዘሎዎ፡ ናይ ኩሉ ተሳትፎ ይሓትት።

## 2. ሌላ ምስ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ኤርትራን ዕላምኡን፡-

ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ወይ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኤርትራ ክብሃል እንከሎ ቀልጢፉ ኣብ ሓሳብኩም ዝመጽእ ጕዳያት ኣሎ። ካብኡ እዚ ዝስዕብ ይርከቦ፡- 1) ብዝሒ ውድባት ተቓውሞ፡ 2) ጠብላሕታታት ካብ ጸለመታት ህግደፍ፡ 3) ገለ ካብ ውድባት ዝረሓቑ ባእታታት ዝዝምርዎ ክዉንን ዘይክዉንን ምኽኒታት፡ 4) ባዕላዊ ድኽመታት ናይ ተቓወምቲ ውድባት።

<u>ቀዳማይ፡ ብዝሒ ውድባት ተቓውሞ፡-</u>

"እዞም ናይ ተቓውሞ ውድባት ዝብሃሉ ካብ 10 ውድብ ንላዕሊ'ዮም፡ እተፈናጨሉ ኢዮም" ስለዝብሉ'ኹምን፡ ብርግጽ'ውን እቲ ሓቂ ከምኡ ምዃኑ ምስ ርኤኹምን ከም እትሻቐሉ ርዱእ ኢዩ። ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልስና፡ "ዝይሰምሩ'ዮም፡ ሓደ ውድብ ዘይኮኑዮም!" እንዳተባህለ ብዛዕባ ሓድነት ዓቢ ሻቕሎት ነይሩ'ዩ። ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ምውሓድ ውድባት ኣድላይነት ሰለዝነበር። ኣብ ነጻ ሃገር ግን ንዲሞራሲያዊ መስርሕ ከተካይድ ኣብዝሓ-ሰልፍታት ስለ ዝድለ፡ ካብ ሓደ ሰልፊ ንላዕሊ ክህልወና ግድን ክኸውን'ዩ። እቲ ምብዛሕ ሰልፍታት ከኣ ክንለምዶን ክንቅበሎን ይግባእ።

ኣብዛ ዘሎናያ ንእሽቶይ ስዊዘርላንድ 23 ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኣሎዋ። ኣብ ሕ/መንግስታት ኣሜሪካ 40 ዝኾና ብሃገር ደረጃ ዝፍለጣ ሰልፍታት ኣሎዋ (ነተን ኣብ ነፍስ-ወከፍ 'እስተይት' ወይ ክፍለ-ሃገር ዝርከባ ሰልፍታት ከይቈጸርካ)። እተን ኣድማዕትን ወሰንትን ሰልፍታት ግን ኣብ ስዊስ 2-3 ኣቢለን ኣብ ኣሜሪካ ከኣ ክልተ ኢየን። <u>ስለዚ፡ ኣብ ተቓውሞና ይኹን ኣብ ናይ ጽባሕ ዲሞራሲያዊት ናይ ሃገራዊ</u>

ምርጫታትን ኤርትራ ብዙሕ ሰልፍታት ከድልየና ኢዩ። እተን ኣድማዕቲ ግን ምናልባት 2-3 ጥራይ ክኾና ይኽእላ።

ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ እውን፡ ወላ እተን ውድባት ይብዛሓ እንበር፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ዝመረጾ ፖለቲካዊ ራኢን ውድብን እንተ ዝሰልፍ እተን ኣድማዕቲ ሰልፍታት ካብ 2-3 ኣይሓልፋን፣ ኣይመሓለፋን ከኣ። ስለዚ፡ እቲ ብብዝሒ ውድባት ኣመኽኒና እንብሎን እንሽቍረሮን ቍሩብ እተጋነነ ፍርሒ ኰይኑ ይስምዓኒ። እዚ ክብል ከሎኹ ግን እተን ሓደ ራኢን መደብ ዕዮን ዘውንና ውድባት ከይሰመራ ይቐጽላ፡ ጽቡቕ ኣሎዋ ማለተይ ኣይኮነን። (ጸኒሕና ክንርእዮ ኢና።)
ካልኣይ፡ ጸለመታት ህግደፍ፡-
ብቛንቛ እቲ ብሓደ-ሰብ ዝምለኽ ስርዓት ህግደፍ፡ ተቓዋማይ ማለት "ሓምሻይ መስርዕ" ኢዩ። ዝህብዎ ትርጉሙ ከኣ ንሃገር ዝጠለመ፡ ዘመስለመ፡ መሳርሒ ጸላእቲ ሃገር ዝኾነ ወዘተ ኢዩ። እቲ ካብ 1991 ጀሚሩ ክሳዕ ሎሚ ናይ ህግደፍ ጅሆ ዘሎ ህዝቢ ከኣ በዚ ቛንቛ'ዚ ክጽሎ ግድን ነይሩ፤ ኣውራ'ኳ እቲ መንእሰይ ወለዶን እቲ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ዘይተሳተፈ ህዝብን። እቲ ሓቂ ግን ካልእ ኢዩ።

ከም ዝፍለጥ፡ እተን ዝነበራ ውድባት ብ1991 ኣብ ሓራ ኤርትራ ኣብዝሓ-ሰልፋዊ ስርዓት ክምስረት ጠሊበን። ኢሳያስን እቲ ዘቕሞ ስርዓትን ግን ኣይተቐበሉዎን። በዚ ምኽንያት እቲ ንተሳትፎ ህዝብን ሰልፍታቱን ዝጠልብ ተቓውሞ ክህሉ ግድን ኰነ። እቲ ካብ መጀመርያ ተስዓታት ጀሚሩ ንህዝባዊ ተሳትፎን፡ ዲሞራስን ለውጥን ዝጠለበ ተቓውሞ ብደያቢ መልክዑ ቀጺሉ ኣሎ። ቅድም እቲ ተቓውሞ ብጃንዳታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ገለ ኣብ ሰማንያታት ዝጀመራ ምንቅስቓሳትን ዝቐመ ነይሩ። ድሕሪ 2001 ግን ብጂ-15 ዝፍለጥ ካብ መንግስቲ ዘወጸ ሓይሊ ነቲ ዝጸንሐ ተቓውሞ ተጸንቢርዎ። ሓያለይ በርገሳዊ ማሕበራት እውን ድሕሪ 2001 ሰሲነን። ኰይኑ ግን ስርዓት ህግደፍ ንኹሎም ኣባላት ጂ-15 ከም ጠለምትን "ተሓባበርቲ" ጸላእቲ ሃገርን ገይሩ ከጸልሞም ጽዒሩን ይቕጽልን ኣሎ። ብጠቕላላ ነቶም ካብ ኤርትራ ዝመጹ መንእሰያት እቲ ደንበ ተቓውሞ ከም ናቶም ገይሮም ክቘጽርዎ ጊዜ ይወስደሎም ኢዩ።

ሳልሳይ፡ ገለ ተቓወምቲ ባእታታት ዝፈጥርዎ ምኽኒታት፣
ንደንበ ተቓውሞ ብእተጋነነ ግጉይ መንገዲ ምስ መንእሰይ ወለዶ ዘላልዮ እቲ ስርዓት ህግደፍ ጥራይ ኣይኮነን። ሓያለይ ኣብ ቃልሲ ዝነበሩን ዘይነበሩን፡ ምስቲ ስርዓት ዝነበሩን ዘይነበሩን ናይ ትርፊ-ጊዜ ተቓወምቲ ባእታት እውን ኣሎዉ። ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ፡ ህዝቢ ንስሩዕ ቃልሲ ከይተባባዕ ንኹለን ናይ ተቓውሞ ውድባትን መሪሕነታተንን ብጃምላ ጸሎሎ ይቀብኡ፣ እዚ ከኣ ብቐጥታ ንጥቕሚ እቲ ጨቛኒ ስርዓት ይውዕል። ተሓቢኦም ንግላዊ ጥቕሞም ዘርዊ ርክባትን ምንቅስቓሳትን ምስቲ ስርዓትን ተሓባበርቱን ዝቕጽሉ'ውን ኣሎዉ። በዚ ምኽንያታት እዚ ንደንበ ተቓውሞ ጋሻ ዝኾነ ህዝብናን እቲ ሓዲሽ ወለዶን ጌጋ ተረድኦ ይሓድሮም፣ ናይ ምቅዋም ግዲኦም ከኣ ንግዚኡ ድኹም ይኸውን።

ራብዓይ፡ ባዕላዊ ድኽመታት ተቓውሞ፣
ብፖለቲካዊ ራኢን ብመደብ ዕዮን ፍልልይ ዘይብሎም ውድባት ኣብ ደንበ ተቓውሞ ተፈላልዮም ይነብሩ ኣሎዉ። እዚ ካብቲ ዓበይቲ ድኽመታት ናይ ተቓውሞ ውድባት

ኤርትራ ኰይኑ ይርከብ። እቲ ካብ ተስዓታት ዝቐጸለ ሓይልታት ተቓውሞ ንሓዲሽ መድረኽ ቃልሲ ብሓዲሽ ኣገባብ ኣይገጠሞን። ከምኡ'ውን እቲ ካብ ውሽጢ እቲ ስርዓት ድሕሪ 2001 ዝመጸ ተቓዋሚ ሓይሊ ኣብቲ መጀመርያ ዓመታት ምስቲ ዝጸንሐ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ጥቡቕ ስራሕ ክካይድ ኣይበቕዐን። ኣብ ርእሲ'ዚ ድኽመታት ከኣ እቲ ዝቖመ ምሕዝነት ይኹን ኪዳን ኣብ ቻርተሩ ዝተሓተ ነጥበ ስምምዕ ከስፍር ብዘይምኽኣሉ ተወሳኺ ድኽመታት ፈጢሩ።

<u>ዕላማ ተቓውሞ</u>፡- ብመሰረቱ፡ እቲ ተቓውሞ ክበጽሖ ዝደልዮ ዕላማ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ-ሕጊ ምንጋስ ኢዩ። ሰላምን፡ ፍትሕን፡ ማዕርነትን ዲሞክራስን ኣብ ሃገርና ምስፋን ኢዩ። ነቲ እተጠልመ መብጽዓታት ጀብሃን ሻዕብያን ንህዝቢ ምርካብ ኢዩ። ነዚ ንምግባር ከኣ ነቲ ዘሎ ስርዓት ኣልጊስካ ብህዝቢ እትመሓደር እሞ ህንጸ-መንግስቲ (ቅዋም) ዘሎዋ ሃገር ምቛም ኢዩ።

## 3. <u>ራኢን ናይ ዓወት እስትራተጅን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣</u>

ብእምነትና፡ ራኢን መደባትን ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ስእሊ ናይ ጽባሕ ኤርትራን፡ መንጸበረቕታ ባህግታት ህዝብናን ኢዩ። እዚ በቲ ውጽኢታት ናይ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤና (ናይ ሓምለ 2006) ይንጸባረቕ። እቲ ጉባኤ (1) ንውዓል-ሕደር ዘይብሉ ሓድነት ናይ እተመሳሰለ መደባት ዘሎወን ውድባት ጸዊዑ፣ (2) ኣብቲ ጉዕዞ ንናይ ምስግጋር መድረኽ ዝመርሕ ድልዱል ሓይሊ ምእንቲ ክህሉ ኣብ ኣባላት ሓደ ውድብ ዘይተወሰኒ ፖለቲካዊ ሰልፊ ክቐውም ሓንጺጹ፡ (3)ነቲ ኣብ ቻርተር ኪዳን ሰፊሩ ዘሎ መትከል ዘይምእኩል ኣገባብ ምሕደራ ሃገር ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ብምስጓም ከምዚ ኢሉ፡- <u>"ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ናይቲ ስርዓት፡ ኣብ መትከል ዘይምእኩል ምሕደራ ዝተመርኮሰ፡ ፍትሓዊ ናይ ስልጣንን ናይ ሃብትን ኣከፋፍላ ዘዕቆበ፡ ብደረጃ ሃገር፡ ኣውራጃ፡ ወረዳ፡ ዓዲ፡ ሓጋግን ፈጻምን ፈራድን ትካላት ዘሎዎ፡ ኣብዛሓ-ሰልፋዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት መቛም።"</u> እዚ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ቦታዊ ይኹን ቋንቋውን ሃይማኖታውን ስግኣታትን ዘይምትእምማናትን መልሲ ሂቡ፡ ንኣበጋግሳ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዘተኣማምን ባይታ ዘንጽፍ ኢዩ ንብል።

ነቲ ንሕጂ ዝጥለብ ለውጥን ሰላምን ክዉን ንምግባር፡ ንተቓውሞና ክመርሕ ዝኽእል ድልዱልን ብዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ቅቡልን ሓይሊ ምህናጽ የድሊ ንብል። ኣዚ ምስ'ቲ እስትራተጂ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝኸይድ ጠለብ ህዝብና ምዃኑ ኣይከሓድን።

ውድብና ንነብሱ ኣብ ሓደ ድልዱል ሓይሊ ንኽልውጥ ይቃለስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካልኦት'ውን ከምኡ ክገብሩ የተባብዕ። ቅድሚ ኩሉ ግን፡ ዝመሳሰል ራኢይ ዘሎዎም ውድባት ብውሕሉል መንገዲ ክጥርነፉ ጻዕርታት የካይድ። ኣብ ርእሲ'ዚ'ውን ነቲ ናይ ኩልና ዝኾነ ኪዳን ከደልድል ቀጻሊ ቃልሲ የካይድ።

## 4. ግደ ሓዲሽ ወለዶ ኣብ ለውጥን ህንጸትን ሃገር፣

<u>ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ፡ ቃልስና ነቲ ኣዕናውን በታንን ስርዓት ህግደፍ ኣልጊስና፡ ብሓዲሽን ጥዑይን ኣበጋግሳ ሓዳስ ኤርትራ ንምህናጽ ኢዩ። ሕቶ ግን ኣሎ፡ - እቲ ነቲ ስርዓት ናይ ምልጋስ ዝዓበየ ቃልስን እቲ ነታ ሓዳስ ሃገር ናይ ምህናጽ ሓላፍነትን</u>

ብቐዳምነት ንመን ይምልከት? ነቲ መንእሰይ ወለዶ!! እቲ መጻኢ መድረኻት ናይ መንእሰይ፣ እታ ሃገር ኣከ ናይቶም ሎሚ መንእሰያት ዘሎዉ ደቃ ስለዝኾነት።

እቲ ስርዓት ድሮ ኣረጊት ስርዓት ኢዩ። ካብኡ ዝኸፍኤ ከኣ በስቢሱ'ዩ። ህዝቢ እናኣሳቐየ ክቕጽል ግን ዕጡቕ ኢዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ'ውን፡ እቶም ክሳዕ ሕጂ ነቲ ተቓውሞ ከም መራሕትን ኣባላትን ተተይ ዘብሉ ዘሎዉ ምዑታት ሓርበኛታት መሳቱ እቶም ኣብ ዝለዓለ ጽፍሕታት ናይ ህግደፍ ዘሎዉ ባእታታ ኢዮም፣ ኢና። ክልቲኦም ብዘይ ውዓል ሕደር ክትክኡ ዘሎዎም ኢዮም። እቲ ፍልልዮም ግን፡ እቲ ስርዓት ኣብኣ ነኺሱ ክነብር ዝደሉ፡ እቲ ናይ ተቓውሞ ውድባት ግን ህዝቢ ክዓስሎ ዝደሊ፡ መንእሰይ ወለዶ ክትክኦ ዝደሊ ምኳን ኢዩ። ስለዚ፡ እቲ ሃገር ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዘላ ዘስተብሃለ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ ተቓውሞ ክጽንበርን ናቱ ክገብሮን፡ ክመርሖን ድልየት ናይ ኩሎም ናይ ተቓውሞ ውድባት መራሕትን ኣባላን ከም ዝኾነ ኤረጋግጸልኩም። ምእንቲ ህዝብኹምን ምእንቲ ርእስኹምን ሓቦ ኢልኩም ተቓለሱን፡ ተዓወቱን። ነዚ ክትገብሩ ግን እቲ ዘሎ ተቓውሞ ከምቲ ካብ ኣፍ ጸላእቲ ህዝቢ ዝስማዕ ዘይኮነ፡ ናይ ህዝቢ ራህዋን ድልየትን ዓዚዝዎ ኣብ ቃልሲ ዘሎ ሓይልታት ከም ዝኾነ ክትግንዘቡ የድሊ። ገለ ጻዕሪ ምስ እተካይዱ ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ክትበጽሑዎ ኢኹም።

ዓወት ንዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ህዝብና!
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!!
ወልደሱስ ዓማር፡ ኣ/መ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ።
28.01. 2007